## ከተማ ካይዘርስላውተርን ህጂውን ከም ወትሩ ንስዉኣት ጀጋኑኣ ብሓባር ትዝክር

ሰብኣያ ሰበይታ ደቃ ኣኻኺባ ኣብ ዝተወሰነላ ጊዜን ቦታን ምስ ተረኽበት ነታ ወትሩ ኣብ 20 ሰነ ብውሽጣዊ ዝኽሪን ሓቦን ምስትንታንን ዝሰነያ ክቡራት ደቃይቅ ተጸበየት።
ክቡራት ኣሓትን ኣሕዋትን ክምኡውን ፍቱዋት ደቅና ብዝብል ላዛ ብዝሓዘለ ቃል መኽፈቲ ኣቦመንበር ማሕበረኮም ፋልስ ዝኾነ ኣቶ ጸሃየ ወልደ ተኸፍተ ቀጺሉውን ኣቶ ጸሃየ ኣብዛ ደቂቅዚኣ ናይ ኩሉ ኤርትራዊ መንፈስን መግለጽን ንኽብርናን ህላወ መንነትናን ንኽረጋግጹ ዝተበጀዉ ጀጋኑ ሰዉኣትና ብዝገደፉልና ለበዋ መሰረት "ንሓድነት ህዝብና ምሕብሓብ-ንሃገራዊ ፍቅሪ-ንባህላዊ ግስጋስን-ሓድሕዳዊ ምትሕግጋዝ ዜጋታትና ንኸነደልድል ታሪኻዊ ግቡ ኣትና ስለዝኾነ ነፍስወከፍና ነዚ ንምትግባር ብዘይ ገለ ድሑር ዝምባለታትን ትምክሕትን ብትሕትናን ኽንሰርሕ ይግባኣና ብምባል ማሕበረኮም ፋልስውን ነዚ ንምትግባር ሎሚውን ከም ትማሊ ብዘይሕለል መንፈስ ብዘይምስልካይ ስርሓቱ ክምዘሰላስል ኣረጋጊጹሎም።
ክምኡውን ተራ ናይ ኩሉ ተሳታፊቲ ኣኽባቲ ክምዝሕተት ድሕሪ ምግላጽ ክቡራት ናይ ስማእታትና ደቃይቅ በዘን ዝቅጽላ ስእላውይን መግለጺታት ተኻይደን።

ዝኽሪ ንሰውኣትና
ዜናን ሓበሬታን
ማሕበረክም ፋልስ
ሰነ 25፥2004





